# ኤርትራ፣ ምድረ ባሕሪ

# ቀዳማይ ክፋል
# ህርፋን
# 1

<u>ብኣልኣሚን መሓመድ ሰዒድ</u>



## መቅድም

ብዛዕባ ሕሉፍ ታሪኽና ዕሙቕ ዝበለ መረዳእታ ምስ ዝህልወና፡ ህሉው ኩነታትና ንምርዳእን ምግንዛብን ኣይክጽግመናን'ዩ። መንፈስና'ውን ብእኡ መንጽር ይሕደስን ይበራብርን'ዩ። ምኽንያቱ፡ ብጽሑፍ ዝተሰነየ ታሪኽ ዘለዎ ህዝቢ፡ ምሉእነትን ንሕናነትን ኣብ ውሽጡ፡ ማዕርነትን መን ካብ መን ዝብል ቅዱስ ውድድርን ድማ፡ ምስ ካልኦት ስለዘሕድረሉ፡ እዛ "ህርፋን" ብዝብል ስም ዝተደርሰት መጽሓፍ ሰሪታትሉ ዘላ ባይታ ድማ እዚ ዝተጠቕሰ'ዩ።

ሓደ ጽሑፍ፡ ታሪኽን ልቢ ወለድን ዘወሃሃደ ምስ ዝኸውን፡ ንሂወት እናስተማቐርና ብዘይሰልኪ መገዲ ንኽነንብባ ይሕግዘና'ዩ። ኣብቲ ቀዳሞት ዝሓለፍዎ ታሪኻዊ ህይወት እናሓንበስና ድማ፡ ኣብ ስግኣቶምን ተስፍኦምን፡ ጭንቀታቶምን ራህወኦምን ኣቲና ምስኣቶም ንጎዓዝ። ካብ ዝሓለፍዎ ተመኩሮ፡ ነቲ ኣወንታ ክንዕቅቦን ክነወቕቦን ሓላፍነት የሰክመና። እቲ ጌጋታት ድማ፡ ንኽንመሃረሉን ንኸይድገም ንኽንቃለሰሉን መወከሲ ይኾነና። እዛ ብኣቶ ኣልኣሚን መሓመድ ሰዒድ ዝተደርሰት መጽሓፍ ነዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ብዝልካዕን ዝምዘንን ኣገባብ ዝሓቆፈት ምኳና ኣየጠራጥርን።

ኣቶ ኣልኣሚን ዝተኸተሎ ቅዲ፡ ታሪኻዊ ልቢ-ወለድ ኢዩ፡ ሓቀኛ ዛንታ ወይ ውጹእ ታሪኽ፡ ክሳብ ካብ መንገዳ ጻጸ፡ ሓኸለ ንምውጻእ ዋጋ ዝሓተት፡ ኣዝዩ ከቢድ ኣብርእሲ ምኳኑ ኣብ ከም ኤርትራ ኣብ ምጽሓፍ ሓቀኛ ታሪኽ ዘይሰጎመ ሕብረተሰብ ድማ ዝያዳ  ክብደት ይህቦ። ስለዚ ደራሲ ካብ ሓዲድ ታሪኽ ከይወጽአ ንግዜን ቦታን ፍጻሜታትን፡ እንተላይ ናይቲ እዋንቲ ሰባትን ኣዋሲቡ፡ ሓቀኛ ኤርትራዊ ክውንነት ከምዝንጸባረቕ ኣብ ምግባር ሓያል ጻዕሪ'ዩ ኣካይዱ።
ኣብ ታሪኻዊ ልቢ-ወለድ ተመርኵሱ ዝጽሕፍ ደራሲ፡ ዝኣምነሉን ጸግዒ ዝኾኖን ስነሓሳብ (Ideology) ሒዙዩ ዝብገስ። ኣቶ ኣልኣሚን ድማ፡ ጥበብን ውሕልነት ብዘዳወሰ ኣገባብ፡ ካብ ክውንነት ከይርሓቐ ንረብሓ ህዝብን ቀጸልቲ ወለዶታትን ናብ ዝመርሕ ስነሓሳብ-ፍትሒ ሒዙና'ዩ ተጓዒዙ።

ነቲ በዱ ዝኾነ ታሪኽና፡ ደራሲ፡ ክልተ ተዋሰብቲ ተስታያት (ብማሕረስ ዝጸረዩ ኣብዑር) ጸሚዱዩ ክሓርሶ ፈቲኑ። እቲ ሓደ ተስታይ ታሪኽ ብቐንዱ ኮይኑ፡ ኣብ ሰነዳትን ጭብጥታትን ፍጻሜታትን ዝተመርኮሰ ውጹእ ታሪኽ'ዩ። እቲ ካልኣይ ተስታይ ድማ፡ ደራሲ ዝፈጠሮም ዓድታትን ሰባትን ምሕበራዊ ምትእስሳራትን ምትሕልላኻትን ዝሓቆፈ ኮይኑ፡ ንግዜን ቦታን ፍጻሜታትን ናይቲ እዋንቲ፡ ህያው ስእሊ ዝህቡ ዘይህያውያን ኢዮም። ክንዲ ዝኾነ ነቲ መጽሓፍ ኣብ እተንብበሉ፡ ታሪኽ ዝሓቆፈ መስኖ ማይ ኣብ ውሽጥኻ ክውሕዝ ይፍለጥካ'ሞ፡ ምስትንታንን ምምርማርን ካብ የእምሮኻ ይፎልቕ።
ኣይኮንዶ ከም ናይ ህዝቢ ኤርትራ ዝኣመሰለ፡ ናይ መኸተ ንመግዛእትን ምርግጋጽ ፍትሕን ታሪኽ፡ ናይቶም ንምግባትን ፍትሒ ንምቕባርን ሰላም ንምዝራግን ንምጭቋንን ዘንቐዱ፡ ከም ናይ ዲዝሞንድ ያንግ ሮሜል፡ ፈረንሳዊ ናፖልዮን፡ ጀነራል ሞንተጎመሪ ከምኡውን ናይ ሂትለር ውልቃዊ ታሪኽን ዝናን፡ ብመልክዕ መጽሓፍ ተጻሒፉ፡ ኣንበብቲ ክመናጠልሉ ተዓዚብና ኢና።

ታሪኽና ድማ፡ ብዝንበብ ጥበብ ብዘሰነዮን ኣገባብ ክንጽሕፎን ዜጋታትና ክንብብዎን፡ ንጽባሕ ዘይበሃል ዕዳን ሓላፍነትን ከምዘለና ዝዝንጋዕ ኣይኮነን። ደራሲ መጽሓፍ "ህርፋን" ኣቶ ኣልኣሚን ድማ፡ ነዚ ዕዳ እዝን ሓላፍነትን'ዩ ክምልስ ጽዒሩ። መልሲዎ ዝብል እምንቶ'ዩ ዘለኒ።

ኣቶ ኣልኣሚን ኣብ መጽሓፉ፡ ብኣርባዕተ ዝተፈላለዩ ገዛእቲ ኣቢሉ፡ ኣርባዕተ ወለዶታት ብታሪኻዊ መልሕቕ ኣዋሲቡ፡ ዝኾነ ገዛኢ ኣብቲ ዝሓለፎ ታሪኻውን ማሕበራውን ክውንነት፡ ካብ ህርፋን-ጎበጣ ዝነቅል፡ ናቱ ፍሉይ ኣሉታዊ ዝኽርታትን ተመኩሮታትን ትምህርትታትን ኣለዎ። ህርፋን ዝመንቀሊኦም ካብቲ ሓደ ናብቲ ሓደ ዝሰገሩ ሓድግታትን ሳዕቤናቶም'ውን ኣይተረስዑን። መምስ-መድረኹ ዝቐልቀል ምሕቋን ሕብረተሰብ'ውን ብንጹር ሰፊሩ'ሎ። ሽርሕን ተንኮልን ገዛእትን ሰሪ ንቕሓት ዝጠጥዕ ምጥልላምን የሕሊፍካ ምውህሃብን በቲ ሓደ፡ ጽንዓትን መኸተን፡ ምድላብ ማሕበረ-ፖለቲካዊ ንቕሓትን በቲ ካልእ፡ ምግናን ብዘይብሉን ብሚዛናውን ድፍረት ዝመልኦን ኣገባብ፡ ብዝተነጸረን ዝርዝርን ሰፊሩ ኣሎ።
ኣቶ ኣልኣሚን ኣብ ኣቐራርብኡ ብዝውክሉ ጠባያት ኣቢሉ ንመላእ ሕብረተሰብ ከርእየና ክኢሉ። ካብ ጸቢብ ዓንኬል፡ ጠመተን ፍርድን ኣገላጊሉ፡ ኣንባቢ ንሕብረተሰብ ኤርትራ ከም ጥሙር ማሕበረ-ሃገር ንኽርእዮን ምስዚ እንነብረሉ ዘለና ህያው ሕብረተሰብ እናኣገናዘበ ንኽንትንትኖን ባይታ ኣንጺፉ'ዩ።

ንሓደ ሕብረተሰብ ኣብ ዓንኬል ዓለማዊ ሕብረተሰብ ካብ ዘስርዕዎ ረቋሒታት ሓደን ቀንድን፡ ፍሉይነት ማሕበረ-ብህላውን እምነቱን ኢዩ። ኣቶ ኣልኣሚን፡ ናይቶም ዝረቘሖም ጠባያትን ዝረቘሖም ጀኦግራፍያዊ ከባቢታትን፡ ዘለዎም ማሕበረ-ባህላውን እምነታቶምን፡ ኣብ ሕድሕዶም ዘሎ ምትእስሳራትን ምጽልላዋትን ኣዳቒቑ'ዩ ዝፈልጦም ምባል ምግናን ኣይመስለንን። ነቲ ታሪኽ ትንፋስ ሰኺዑ ከም ማዕበል ክብን ለጠቅን ንኺብልን ንምንባቡ ሃዋ-ሃዋ ዝመለሰሉን ድማ፡ እዚ ክፋል'ዚዩ ዝብል ልዑል እምንቶ ኣለኒ። ነቶም ጠባያት ሓንሳብ ምስ ተላለኻዮም ናብ ኣባል ስድራቤትካ'ዮም ዝቕየሩ። ሓጎሶም የሐጉሰካ ሞቶምን ጸገሞምን ድማ የጉህየካ። ኣቶ ኣልኣሚን ቅድሚ ሕጂውን ሰውራ ኤርትራ "ምስጓምን ምንቕልቃልን"፡ "መሬታ'ምበር ህዝባ ኣየድልየናን"፡ "ሕድገት ዘየፍቅድ መሰል" ዝተባህሉ መጻሕፍቲ ዝደረሰ ብምዃኑ፡ ውህሉል ተመኩሮ ኣብ ምውርጻጽ እዛ መጽሓፍ ተርኡ ቀሊል ከምዘይነበረ ንምግንዛብ ኣየጸግምን።

ታሪኽ ፈለግዩ። ካብ ክንዲ እምባ ዝኸውን ክስተት ፈልፊሉ፡ ከም ኣፋትል ብዝግለጽ ሓይሊ ሓሳባት ዛርዩ፡ ተሰትዩ እናበልካዮ፡ ናብ ዓቢ ባሕሪ ወይ ውቅያኖስ ተጸንቢሩ ኣድማስ ዝፈጥር'ዩ። ኣቶ ኣልኣሚን ብተመሳሳሊ፡ ብመግዛእትን መኸተን፡ ሃገራውነትን ክሕደትን፡ ሽርሕን ጉጥያን ዝጀመሮ ዋሕዚ ታሪኽ፡ ቀጻሊ ሃንቀውታን ኣንበብቲ ከይረወየ፡ ንጠባያቱ (Characters) ኣብ ፈለማ 60ታት ብስደት ናብ ሱዳን ኣስጊሩ፡ ብቐዳማይ ልፋል መዛግቡ ዓጽዩ'ሎ። ካልኣይ ክፋል ክንርኢ ድማ ሰብ ልዑል ተስፋ ኢና።

ጋዜጠኛን ደራስን

ግርማይ ወልደግዮርጊስ (መንከኒኖ)

ኣስመራ ሓምለ 4, 2012